# ዳዊት 90

1 ጐይታየ፣ ካብ ወለዶ ንወለዶ መዕቈቢ ኾንካና።
2 ኣኽራን ከይተወልደ፣ ምድርን ዓለምን ከይፈጠርካ፣ ኤረ ንስኻስ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ኣምላኽ ኢኻ።
3 ኣቱም ደቂ ሰብ፣ ተመለሱ፣ እናበልካ፣ ንሰብ ናብ መሬት ትመልሶ ኣሎኻ።
4 ሽሕ ዓመት ኣብ ቅድሜኻ ኸም እዛ ትማሊ ዝሐለፈት መዓልትን ከም ምንቃሕ ለይትን እየን እሞ፣
5 ከም ብውሒዝ ትገፍም፣ ከም ትኽስታ እዮም፣ ከምቲ ብጊሓት ዚልምልም ሳዕሪ፣
6 ንግሆ ይዕምብብ ይልምልም ድማ፣ ኣጋ ምሸት ይዕጸድ እሞ ይነቅጽ።
7 ብኹራኻ ጠፊእና ኢና እሞ፣ ብቝጥዓኻውን ሰምቢድና።
8 ንኣበሳና ኣብ ቅድሜኻ፣ ንሕቡእ ሓጢኣትናውን ኣብ ብርሃን ገጽካ ተቕሞ ኣሎኻ።
9 ብዘሎ መዓልትታትና ብቝጥዓኻ ይሐልፍ፣ ዓመታትና ኸም እህህታ ነሕልፈን ኣሎና እሞ፣
10 መዓልትታት ዓመታትና ሰብዓ ዓመት፣ እንተ በዝሔ ኸኣ ሰማንያ ዓመት እዩ፣ ቀልጢፉ ይሐልፍ፣ ነፊርናውን ንኸይድ
ኢና እሞ፣ ክብረቱ ጻዕርን መከራን እዩ።
11 ከም ዚግባእ ምእንቲ ኺፈርሃካ ኢሉስ፣ ንሓይሊ ኵራኻን ንቝጥዓኻን ዚሐስብከ መን እዩ፧
12 ጥበበኛ ልቢ ምእንቲ ኽንረክብሲ መዓልትታትና ኽንቈጽር ምሃረና።
13 ጐይታይ፣ ተመለስ፧ ክሳዕ መአዝ፧ ንባሮትካ ምሐሮም።
14 ኵለን መዓልትታትና ኽንሕጐስን ባህ ኪብለናንሲ፣ ንግሆ ጸጋኻ ኣጽግበና።
15 ብመጠን እተን ዘጨነቕካና መዓልትታትን፣ ክፉእ ዝርኤናለን ዓመታትን ኣሐጒሰና።
16 ግብርታትካ ንባሮትካ፣ ክብርኻውን ንውሉዶም ግለጽ።
17 ጸጋ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኣብ ልዕሌና ይኹን፣ ተግባር ኣእዳውና ኣስልጠልና፣ እወ፣ ንተግባር ኣእዳውና ንስኻ
ኣስልጦ።

# ያዕቆብ 4

13 እስኪ ሕጂኸ ንስኻትኩም፡ ሎሚ ወይስ ጽባሕ ናብታ ኸተማ እቲኣ ንኺድ እሞ ኣብኣ ዓመት ንግበር፡ ክንነግድን
ክንረብሕን ኢና፡ እትብሉ፡
14 ንስኻትኩም ነቲ ጽባሕ ዚኸውን ኣይትፈልጥዎን ኢኹም። ህይወትኩም ደኣ እንታይ እያ፧ ንቕሩብ ጊዜ ተርእያስ፡ ደሓር
ዚበንን ትኪ ኢኹም።
15 ጐይታ እንተ ፈቒዱ፡ ንሕናውን እንተ ኣሊና፡ እዚ ወይስ እቲ ክንገብር ኢና፡ ኣብ ክንዲ ምባልሲ፡
16 ሕጂ ግና ብምጅሃርኩም ትምክሑ ኣሎኹም። ከምዚ ዝበለ ኹሉ ትምክሕቲ ኽፉእ እዩ።
17 እምበኣርስኸ እቲ ሰናይ ምግባር ዚፈልጥ እሞ ዘይገብሮ፡ ንእኡ ሓጢኣት ይኾኖ እዩ።

# ማቴዎስ 6

5 ንስኻትኩም ክትጽልዩ ኸሎኹም፡ እቶም ግቡዛት ብሰብ ምእንቲ ኺርኣዩ፡ ኣብ ኣባይቲ ጸሎትን ኣብ ቃራናታት መገዲን
ደው ኢሎም ኪጽልዩ ይፈትዉ እዮም እሞ፡ ከማታቶም ኣይትኹኑ። ዓስቦም ከም ዝወሰዱ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።
6 ንስኻስ ክትጽሊ ኸሎኻ፡ ናብ ቤትካ እቶ፡ ማዕጾኻ ዕጾ፡ ነቲ ብሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ለምኖ። እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ
ብግህዶ ኪኽሕሰካ እዩ።
7 ክትጽልዩ ኸሎኹም ከኣ፡ ኣህዛብ ብምብዛሕ ዘረባኦም ዚስምዑ ይመስሎም እዩ እሞ፡ ከማታቶም ዘረባ ኣይተብዝሑ።
8 እምብኣርስከ ኣቦኹም ከይለመንኩምዎ፡ ዜድልየኩም ይፈልጥ እዩ እሞ፡ ኣይትምሰልዎም።
9 ንስኻትኩምሲ ኸምዚ ኢልኹም ደኣ ጸልዩ፡ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ስምካ ይቀደስ።
10 መንግስትኻ ትምጻእ። ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን።
11 ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና።
12 ንሕና ንዝበደሉና ኸም ዝሐደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና።
13 ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር፡ ናብ ፈተና ኣይተእትወና። መንግስትን ሓይልን ክብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ፡ እሜን።